ዕለት June 2, 2009

# ማሕበር ልምዓት ሽረ ሰሜን ኣመሪካ

## ዓመታዊ ምትእኽኻብ ማሕበር ልምዓት ሽረ ኣብ ስያትል ብዓወት ተዛዚሙ

## ቀፃላይ ዓመታዊ ባዓል ማሕበር ልምዓት ሽረ ጁላይ 3-4/2010 (4th of July weekend) ኣብ ዋሽንግቶን ዲሲ ምኳኑ ተፈሊጡ።

ብቐጻምነት እዚ ባዓል እዚ ክዕወት ዝለዓለ ተራ ንዝነበሮም መዳለውቲ ማሕበር ልምዓት ሽረ ክነምስግን እንተለና እቶም መዳለውቲ ኩሎም ተጋሩ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ብምሕባር ከም ሓደ ሰብ ኮይኖም ስለዝሰርሑ ንኣብ መላእ ሰሜን ኣመሪካ ዘሎ ትግራዋይ ኣብነትን ሓበንን ምኳኖም ዝተሰማዓና ተሓጓስ ወሰን የብሉን::

ሲያትል ኣብነት ዘበለና ምኽንያት ከምቲ ኩሉ ዝፈልጦ ፖሊቲካዊ ኣታሓሳስባ ብዜግድስ ኩሎም ተጋሩ ኣብ ናይ ሓባር ጉዳይ ኮነ ዕላማ ሓቢሮም ብምስራሕ ዓበይቲ ዓወታት ዝሓፈሱን ንኹሉ ትግራዋይ ዝሓቁፍ ናይ ተጋሩ ማእኸል ዘለዎምን ኮታስ ኣብ ኩሉ ኣገዳሲን ቀለልትን ሓበራዊ ጉዳያት ባሓባር ጠጠው ዝብሉን ዘሕብኑን ተጋሩ ስለዝኾኑ ደጊምና ቀፅልሉ እንካዕ ደስ በለኩም ንብል::

እዚ ሳላ ዝኾነ ድማ ማሕበር ልምዓት ሽረ ዓመታዊ ምትእኽካቡ ኣብ ስያትል ዋሽንግተን እንትኸ'ውን እንተሎ ዕውት ከምዝኸውን ኩላትና ዝፈለጥናዮን ዝተሓጎስናሉን ብስራት እዩ ነይሩ:: ዓመታዊ ምትእኽኻብ ማሕበር ልምዓት ሽረ ኣብ ከተማ ስያትል ብድምቀት ተኸቢሩ:: እቲ ባዓል እንካብ እተፈላለየ ክፍልታት ኣመሪካ ብዝመፁ ተወለድቲ ሽረን ከባቢኣን ከምኡ'ውን ኣብ ስያትል ዝነብር ህዝቢ ኩሉ ዝተረኸበሉ ድሙቕን ውዕይን ባዓል ነይሩ:: ካብ ቦስቶን፣ ዋሽንግቶን ዲሲ፣ ዴንቨር፣ ሚኒሶታ ኣትላንታ፣ ቺካጎ፣ ካሊፎረኒያ፣ ላስቬጋስ፣ ኦረጋን፣ ቴክሳስ፣ ኦሃዮ፣ ቨርጂንያ ካልኦትን ብርክት ዝበሉ ኣባላትን ደገፍቲን ተረኺቦም እዮም::

ነቲ ባዓል ኣብ ዝተዳለወ ሰፊሕ ኣዳራሽ (917 የስለር ወይ ማእከል ስያትል) ከምቲ ልዕል ኢሉ ዝተገለፀ ካብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኣመሪካን ብዘመፁ ኣጋይሽን ህዝቢ ስያትልን ምስ መልአ ኣቦወንበር ማሕበር ልምዓት ሽረ ጨንፈር ስያትል ኣይተ ብርሃነ ኣብርሃ ሕፅር ዝበለ ናይ እንኳዕ ደሓን መፃኹም መደረ ድሕሪ ምስማዕ እቲ መድረኽ ንኣቦወንበር ማሕበር ልምዓት ሽረ ሰሜን ኣመሪካ ኣይተ ኪሮስ ኣርኣያ ኣረኪቡ ወረደ:: ኣይተ ኪሮስ ስፍሕ ዝበለ እተዳለወ ፅሑፍ ድሕሪ ምቕራብ እቲ ዝተጀመረ ስራሕ ብዘይ ናይ ተጋሩ ምትሕብባር ክፍፀም ስለዘይኽእል ኩላትና ንናይ ሓባር ልምዓትን ዕቤትን ብሓደ ጠጠው ክንብል ከምዘለና ኣተሓሳሲቡ:: እቲ

ፕሮጀክት ቤተ መፃሕፍትን መዘክርን ኣብ ከተማ ሽረ እናተሃነፀ ከምዘሎን ቀዳማይ ክፋሉ ተጠቓሊሉ ካልኣይ ክፋል እቲ ህንፃ ተጀሚሩ ከምዘሎ ኣበሲሩ እዩ:: ንኩላትና ደለይትን ደገፍትን ልምዓት ኣብ ከምዚ ዝበለ ወርቃዊ ዝኾነ ህንፃ ዓውደ ፍልጠት ኣብ ምስፍሕፋሕን ምትሕግጋዝን ክነድህብ ከምዘለና ኣተሓሳሲቡ:: ቀፂሉ'ውን ኣይተ ኪሮስ እዞም ህንፀት ዓውደ ፍልጠት እዚኦም ነቲ ዝኺሀ ወለዶን ቀፃሊን መሰረት ፍልየትን ትምህርትን ክኾነ እዮም ኦሉ:: ኣብ መወዳእታ'ውን እዚ ባዓል ከምዚ ዝበለ ዘሕጉስ ባዓል ክኸውን ንዝገበሩ ኩሎም መዳለውቲን ተሳተፍትን ኣመስጊኑ::
ዓመታዊ ባዓል ማሕበር ልምዓት ሽረ ድሙቕን ስሉቕን ክኸው ካብ ዘገበሮ ካሊእ ውዱብ ስራሕ ድማ ፍሉጣትን ወናማትን ከየንቲ ትግራይ እዮም:: ኣበበ ኣርኣይ፣ ሰለሞን ተስፋይ፣ ርሻን ገብረ፣ ያይነ ኣባይ፣ ሙሉ ሃይሉ፣ ከበደ ደሞዝን ዳዊት ሃይለማርያምን ብዘርኣይዎ ትቡዕ ስራሕ ንኩላትና ዘሕብንን ዘሕጉስን ስለዝኾነ ከም ወትሮም <<ትግራይ እዮምየ ሊላይ በለኦምየ>> እንዳበሉ ሰለል ክብልዎ ሓዲሮም ትግራዋይ:: ከየንትና ደስ ኢሉና እዩ ሞ ንስኹም እውን ቀፅሉሉ እንኳዕ ደስ በለኩም ንብል:: ኣብቲ ኣዳራሽ ልዕሊ ሓሙሽተ ሚኢቲ /500/ ተሳታፋይ እንትነብር እተፈላለዩ ናይ ገንዘብ ምትእኽኻብ ምንቅስቓሳት ስለዝነበሩ ንእብነት ከም ሎተሪ፣ ጨረታ፣ ዓይነቶም እተፈላለዩ ካናቲራታትን ካልኦትን ብምግዛእ ኮነ ሓሳባት ብምክፋል ኩሉ ፕላን በቲ ዝተሓሰበሉ ጥራሕ ዘይኮነስ ካበኡ ንላዕሊ ክኸውን ናይ ኩሉ እቲ ህዝቢ ተሳትፎ ስለዝነበረ ደጊምና ንዘርኣኹምና ሰናይ ተግባር ካብ ስፍራ ማዓሙቕ ልብና ዝፈልፈለ ምስጋናና ይብፃሕኹም ንብል::

ምስጋና ልሙድ ባህልና ስለዝኾነ ዳኣምበር ምን ንመን ከመስግኖ:: ምእንተ ምንታይ ድኻነት፣ ድንቁርና ድሕረትን ናይ ሓባር ፀላእትና ስለዝኾኑ እዚኦም መሊኦም ክጠፍኡ ድማ ሓቢርካ ምስራሕን ምትሕብባርን ቀንዲ ዕላማኹም ምኳኑ ስለዝረአናን ዘረጋገፅናን መሪሕነትን ኣብነትን ስያትል ናብ ኩሎም ክፋላት ሰሜን ኣመሪካ ክሰፍሕ ምእንቲ እቲ ወዲ ካሊእ ከባቢ ሰብ ድማ ልቦኑኡን ዓይኑን ከፊቲ ክሪኢን ክመሃርን ኣለዎ ንብል::

እቲ ምሸት ብከምዚ ዓይነት ፍሉይን ዕውት ስራሕ ድሕሪ ምጥቕላል ሰንበት ዕለት 24/2009 ኣባላትን ደገፍትን ማሕበር ልምዓት ሽረ ኣብ ትግራይ ኮምኒቲ ማእኸል ዓመታዊ ኣኼቡኡ ኣካይዱ እዩ:: እቲ ኣኼባ ብርክት ዝበሉ ሃሳባት ዘተላዕሉሉን ዘተመያየጠሉን ኮይኑ ብርክት ዝበላ ደቂ ኣነስትዮ ዝተሳተፋሉን ናይ ቅድሚት ክግበሩ ዘለዎም ኣገደስቲ ጉዳያት ተላዒሎም ውሳነ ዝተገበረሉን ኩሉ ኣባልን ደጋፊን ዘተሳማማዓሉን ኣኼባ ነይሩ:: ድሕሪ ብርክት ዘበሉ ኣገደስቲ ሓሳባት ምንሽርሻርን ምስምማዕን ንእሳራራሓ ምእንቲ ክጥዕም ናይቲ ማሕበር ኣካይዳ ኮነ ገንዘብ ኣታሕዛ ነፃን ግልፂን ምእንቲ ክኸውን ኣርባዕተ(4) ኣባላት ዘለውዎ ቁፅፅር ኮሚቴ መሪፁ ሙሉእ ገዛ እውን ተቐቢሉዎን ቀፃሊ ዓመታዊ ጉባኤኡ ኣብ ዋሽንግተን ዲሲ ከምዝኸውን ተሰማሚዑ እቲ ኣኼባ ተዛዚሙ::

ሰንበት ድሕሪ ሰዓት ናይ ባሕሪ ዙረት( ዳስና ኩሩዝ) ብዝብል መፀውዒ ተዳልዩ ናብ ዝነበረ ምድላው መንገዲ ኮነ:: ኩሉ ኣባል፣ ደጋፊ ወዲዓዲ ኮታስ ኩሉ ግዜ ዝነበሮ ባሓንሳብ ኣብ ስያትልን ከባቢኣን ዘሎ ባሕሪ ደጊሙ ሰለል ክብል ኣምሰየ::

እተፈላለዩ መስተታት፣ ምግብን ደርፍታት እናተአንገድና ከተማ ስያትልን ከባቢኣን እናተዓዘብና ኣብ ህሊናና ዘይጠፍእ ተዘክሮታት እናቐረፅና ሰናይ ምሸት ኣምሲና ምስ ቤተሰብናን ኣዕርኽትናን ክንፃወት፣ ክነውግዕን ክንዝክርን ሰፊሕ ግዜ ዝፈጠረ ግርም ፍሰሃ ምሸት ነይሩ።

ምልሲ ዳስና ኩሩዝ እተወሰነ ዕርፍቲ ተጌሩ ካሊእ ኣዳራሽ፣ ካሊእ ኀይላ። ኣብ 2100 ቦየር ወይ ኣብ ዝበሃል ኣዳራሽ ወጋሕ ትበል ለይቲ ሕዚውን ምስ ወናማት ኬንቲ ትግራይ ደኺሙና ሰልችዩና እንተይበሉ እሞ ኻኣ ኣብ ሓፀርቲ ሳዓታት ነናብ ዝመፅዎ በረራ እንዳተፀበዮም ንዝገበርዎ ዘይሕለል ፃዕሪ ካሕሰኦም ልምዓት ጥራሕ እዩ። እዚ ኮይኑ ብሰላምን ብፍቕርን ዓመታዊ ምትእኽኻብ ማሕበር ልምዓት ሽረ ተዛዚሙ።

ዝመፅእ ዘሎ ዓመት ኣብ ዋሽንግቶን ዲሲ ዕለት may 29/2010 የራኽበና!!!!!!!!

## ሕብረትና ሓይልና!!
## ንልምዓት ንመርሽ!!!

## ቦርድ ማሕበር ልምዓት ሽረ